# ወዲ ወረቂ ማሕጸን ወዲ ኣፎም ብሪ፤

By ሃይለሚካኤል ድራር (ጀርመን)

Aug 25.08.05

ኣብ ዲሰኮ ሓዳሪ ፤
ንሀገር መሕፈሪ፤
ከይረኤ ዘውሪ ፤
ከየሰምዔ ነጋሪ ፤
ብሓሶት መስካሪ ፤
ናይ ዘለፋ በኹሪ ፦
አብ ማዕጾ ከታሪ፤

አብ ፈልሲ ዓንዳሪ ፤
አብ ቀብሪ መዳሪ ፤
ግርጭት ጻሕታሪ ፤
ውግእ መሳወሪ ፤
ንስንኩላት አሳሪ ፤
ስውእ አባህራሪ ፤
ንዓኻይ ጎርጋሪ ፤

ስጋ ሰብ መታሪ ፤
ደም ሰብ አንቃዕራሪ ፤
ምኩሕ ተጃሀሪ ፤
አብ እቶን ፈካሪ ፤
መልእኸትኻ ነድሪ ፤
ማዕጥቆኻ ሸሪ ፤
ሽርሕኻ ብኹምሪ ፤

ዘይንህቡ በርባሪ ፤
ጠላም ኢኻ ሕድሪ፤
ንድኹም ተራሪ ፤
ንሓያል ነፍራሪ ፤
ብልሕጺ ባህራሪ ፤
ብማዕጻ ዝኹሪ ፤
ብጻይ ተኹላ ነብሪ፤

ብጻይ ሽላ ንስሪ ፤
ዘይካብ ምድረ-ባሕሪ፤
አንታ፡ አይርእን፡ድዩኸ’ቲ ፍጣሪ፤
ፈዳይ ኢዩ ደንጉዩ ዝዘሪ ፤
ምስ ጠፋእካ ናብ ቀላይ ናብ ባሕሪ፤
ወይ ምስ ተመንጠልካ ብጥይት በራሪ፤
ወይ’ወን ምስ ወሰደካ ሕማም ነፍሪ ፤
ሽዑ ኢዩ ሓፋሽ ሀገሩ ዝዕሪ ።

ልዑል ክብርን መጎስን
ንስዉኣትና !!!
ዓወት ንህዝብና!!!